**ሓበሬታ ንኣናእሽቶን መንእሰያትን፡- መን? እንታይ? ከመይ?**

# ምሕደራ ጕዳይ ሞያዊ ስልጠና

## መን?

እቲ ምሕደራ ጕዳይ ሞያዊ ስልጠና ንመን ዝዓለመ'ዩ?
ምሕደራ ጕዳይ ሞያዊ ስልጠና ማለት ዕድመኦም ካብ 14 ክሳብ 25 ንዝርከብን ናብ ናይ ስራሕ ህይወት ንምእታው "ብዙሓት ጸገማት" ንዘጋጥሞምን ኣብ Canton of Bern ዝርከቡ መንእሰያት ዝዓለመ'ዩ።

### "ብዙሓት ጸገማት" እንታይ'ዮም?

ገለ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ኣብነታት
ወይከኣ ተመሳሰልቲ ኣብነታት ንዓይ ይምልከቱኒ፡-

- ክሳዕ ሕጂ ናይ ክትትል መፍትሕ የብለይን
- ስድራቤተይ ነቲ ስርዓት ቤት ትምህርቲ ስዊስ ኣጸቢቖም ስለዘይፈልጡዎ ክሕግዙኒ ኣይኽእሉን

- ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ስድራቤትን ማሕበራዊን ጉዳያት ጸገማት ኣለዉኒ።

## እንታይ?

ምሕደራ ጕዳይ ሞያዊ ስልጠና ካብ ክፍሊት ናጻን ወለንታዊን ኣገልግሎት እዩ።

ሓደ ውልቃዊ ኣመሓዳሪ ጕዳይ (CM) ካብ ግድነታዊ ትምህርቲ ጀሚሩ መሰረታዊ ሞያዊ ስልጠና ብዓወት ክሳብ ምዝዛም ዘሎ መንገዲ ክድግፈኩምን ክመርሐኩምን እዩ።

### እንታይ እየ ክገብር ዘለኒ?

- ብንጥፈት እተሓባበር
- ሓበራዊ ስምምዓት የኽብር
- ኣብ ርክብ እጸንሕ
- ዕላማይ ከዐወት እደሊ
- ደገፍ ክወሃበኒ እደሊ

# ከመይ?

### ኮነታተይ እንታይ ይመስል?

ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ውሽጢ ስድራቤተይን ኣብ ናጻ ግዘይን ዘሎ ኮነታተይ ነቲ CM ከብርሀሉ እየ።

ብሓባር ኰይንና ስለምንታይ ንምስጓም ከም ዝጽገምን ጥንካረታተይ ኣብ ምንታይ ከም ዘሎን ክነለልዮ ኢና።

እቲ CM ንዓይ ከዘራርበኒን ምሳይ ኰይኑ ነቲ ህሉው ኮነታተይ ክምርምሮ እዩ።

ካብ ካልኦት ትካላትን ፍሉይ ከኢላታትን ሓበሬታ ንምውሳድ ፍቓደይ እህብ፡ እዚ ድማ ናታቶም ገምጋም ንምርካብን እቶም ሓያሎ ጸገማት ተለልዮም ክምደቡን ምእንቲ እዩ።

እቲ CM በዚ መንገዲ'ዚ ክድግፈኒ ይኽእል።

መታን እቲ ሓለዋ መረዳእታ ውሑስ ክኸውን ብሓባር ስምምዕ ክንፍርም ኢና።

### ዕላማታተይ ብኸመይ ገይረ ከዕውቶም እኽእል?

መታን ነቲ ስልጠናይ ብዓወት ናይ ምዝዛም ዕላማይ ከዕውቶ፡ ኣነ ዝደልዮ ብሓባር ኰይንና ክንስማመዐሉ ኢና። ንኡስ-ዕላማታት ብሓባር ኰይንና ንህንጽጽ ብኸመይ ከዕወት ከም ዝኽእል ድማ ንሓስበሉ።

ኣነ ምስ'ቲ ውጥናትና ክስማማዕ ኣለኒ፣ ብገዛእ ርእሰይ ድማ ክነጥፍን ምስ'ቲ ስምምዓትና ክሳነን ኣለኒ።

እቲ CM ዕላማታተይ ንኽዕውት ተወሳኺ ደገፍ ብምሃብ ክሕግዘኒ ንዝኽእሉ ካልኦት ከኢላታት እንዳዋደደ ክሕግዘኒ እዩ። ክህልዉ ዝኽእሉ ንኡስ ዕላማታት

- ኣበይናይ ሞያ ልምምድ ክገብር ከም ዝደሊ ምፍላጥ
- ናይ ፈተናን ልምምድን ኣለሻ ምውዳድ
- ናይ መመልከቲ ሰነዳተይ ምድላው
- ናይ ቤት ትምህርቲ ፍልጠተይ ምስፍፋሕ
- ናይ ሕክምና ደገፍ የድልየኒ ኣየድልየኒ ምንጻር
- ናይ ተራፒ ደገፍ ወይከኣ ምጽራያት ምውዳድ

### እዚ ደገፍ ንኽንደይ ግዜ ይጸንሕ?

ናብ ናይ ስራሕ ህይወት ምእታወይን ሞያዊ ብቕዓት ምርካበይን ኣገዳሲ እዩ።

ነዚ ክገብር ከለኹ፣ ክከም ኣድላዪነቱ በቲ CM ደገፈን መምርሕን ክወሃበኒ እዩ።

ምሕደራ ጕዳይ ሞያዊ ስልጠና ዝዛዘመሉ እዋን፣ ንኣብነት

- ባዕለይ ዝሃንጸጽኩዎ ዕላማታት ከዐውት ከለኹ
- ተደጋጋሚ እዋን በቲ ስምምዓት መሰረት ምኻድ እንተዘይክኢለ
- ምስ'ቲ CM ዘለኒ ርክብ እንተቋሪጸዮ
- ነቲ ስልጠናይ ንነዊሕ እዋን ብዓወት እንተወሲደዮን ደጊም ደገፍ ምስ ዘየድልየኒን
- ስልጠናይ ብዓወት እንተዛዚመዮ